

ክረምቲ 2026

# መልእኽቲ ዜና

ሓበሬታ ንኣዕቆብቲ ወለዲ ናይ ኒዶስ [STICHTING NIDOS]

## ንተወፋይነትኩምን ተሳትፎኹምን ነመስግን



ሃገራዊ ኣካያዲ ስራሕ
*OWG* - ዓሊ ዛከር

ዝኸበርኩም ኣዕቆብቲ ወለዲ፣

ቅድሚ ኹሉ ንተወፋይነትኩምን ተሳትፎኹምን ከመስግነኩም ይፈቱ። ንቆልዑትን መንእሰያትን ዝነብሩሉ ቦታ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ሰላም፣ ድሕነትን ናይ ገዛ ስምዒትን እውን ከም ዝረኽቡ ኢኹም እትገብሩ። እዚ ድማ ነቶም ብዘይ ወለዲ ናብ ኔዘርላንድ ዝመጽኡ ቆልዑትን መንእሰያትን ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ። Iንልዕሊ 2.5 ዓመታት ከም ሃገራዊ ኣካያዲ ስራሕ መደብ 'ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤታዊ ኩነት ምዕቋብን ምንባርን (OWG)' ኮይነ ክሰርሕ ጸኒሐ ኣለኹ፣ ኣብቲ ግዜ እቲ ድማ ምስ ብዙሓት ካባኻትኩም ተራኺበ ኣለኹ። ክሳብ ክንደይ ግዜ፣ ጉልበትን ኣቓልቦን ከም እትህቡ ርእየ ኣለኹ፣ ብዛዕባ እዚ ድማ ዓቢይ ኣኽብሮትን ኣድናቖትን ኣለኒ።

ኣብዚ መልእኽቲ ዜና፣ ብዛዕባ እዞም ምዕባለታት ክነካፍለኩም ኢና፣ መሳርሕትና ድማ ሓሳባቶም ንኸካፍሉ ዕድል ክንህቦም ኢና። ስለቲ ንቆልዑትናን መንእሰያትናን እትገብርዎ ኩሉ ደጊመ ከምስግነኩም ይደልይ።

ምስ ክቡር ሰላምታ፣

ዓሊ ዛከር [Ali Zaker]
ሃገራዊ ኣካያዲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ስድራ-ቤታዊ ኩነት ምዕቋብን ምንባርን (OWG)

> **"ተራ ናይ ኣዕቆብቲ ወለዲ መተካእታ የብሉን። ሳላ ተወፋይነትኩም፣ ኣቓልቦኹምን ምትእምማንኩምን ቆልዑትን መንእሰያትን ኣብ ኔዘርላንድ መጻኢ ንምህናጽ ዕድል ይረኽቡ።"**

## ምዕባለታት ኣብ ኒዶስ

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ውሽጢ OWG ምምሕያሻት ኣብ ምግባር ተጸሚድና ጸኒሕና ኣለና። ኣብ መላእ ሃገር ምስ ዝርከቡ መሳርሕትና ብሓባር ብምዃን ንኣዕቆብቲ ስድራ-ቤታት ዝሓሸ ደገፍ ንምሃብ፣ ኣብ መንጎ ቆልዑትን መንእሰያትን ስድራ-ቤታትን ዝበለጸ ምስምማዕ ንኽህሉው፣ ከምኡ እውን እንህቦ ምርጫት ዘለዓለ ብቕዓት ንኽህልዎ ንሰርሕ ኣለና። ካብ 2025 ጀሚሩ ኣርባዕተ ወሃብቲ ግብራዊ ምርጫት ጀሚሮም ኣለዉ። ንሳቶም ንመሳርሕትና ኣብ ስርሖም ይድግፉን፣ ኣብ ኣጸገምቲ ኩነታት ይሕግዙን። ብኸምዚ ድማ ንስኻትኩምን ቆልዑትን መንእሰያትን ጽቡቕ ምርጫትን ንጹር ስምምዓትን ከም እትረኽቡ ነረጋግጽ። ብተወሳኺ ምዕቋብ ቆልዑትን መንእሰያትን፣ ውሑስን ብግቡእ ዝተወደበን ምዃኑ ዘረጋግጽ 'ጉጅለ ብቕዓት' ኣለና።

NIDOS
jeugdbescherming voor vluchtelingen



ሰራሕተኛ ብቕዓት
*OWG - ሴሊነ*

## “ንስኻትኩም ኣዕቆብቲ ወለዲ ዘይብሉ፣ ኒዶስ ንቆልዑትናን መንእሰያትናን ደስ ዝብልን ውሑስን መዕቆቢ ከቕርበሎም ኣይክእልን እዩ።”

**ሴሊነ [Céline] ካብ መጋቢት 2026 ጀሚራ ከም ሰራሕተኛ ብቕዓት ኮይና ትሰርሕ ኣላ። ቅድሚ እዚ ኣብ ደን ሃኽን ሮተርዳምን ምስ ኣዕቆብቲ ወለዲ ብተግባር ትሰርሕ ነይራ። ከም ሰራሕተኛ ብቕዓት መጠን፣ ሴሊነ ምስ ጉጅለኣ ብምኳን ምዕቋብ ቆልዑትን መንእሰያትን ብውሑስን ብግቡእን ኣገባብ ከም ዝውደብ ተረጋግጽ። እቲ ጉጅለ ኣብ ዙርያ ምዕቋብ ኣብ ዘሎ ሕግታትን ስምምዓትን ዘተኮረ እዩ። ብተወሳኺ ናይ መሳርሕትን ኣዕቆብቲ ወለዲን ኣገባብ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ እውን ይሕግዙ።**

እቲ ‘ጉጅለ ብቕዓት’ ኩሎም እቶም ንኣዕቆብቲ ወለዲ ዝኾኑ ቅጥዕታት፣ ቅኑዓትን ንጹራትን ምዃኖም የረጋግጽ። ብተወሳኺ ከም ብሮሹራት፣ በራሪ ናይ ሓበሬታ ወረቐት፣ ከምኡ እውን ንኣዕቆብቲ ወለዲ ዝኸውን መበገሲ ማህደር ዝኣመሰለ ጠቓምቲ መብርሂ ዝሓዘ ሰነዳት የዳልዉ። ኩሉ ብጽቡቕ እንተድኣ ተወዲቡ፣ ንስኻትኩም እውን ነቶም ቆልዑትን መንእሰያትን ብጽቡቕ ክትከናኸንዎም ትኽእሉ። ሴሊነ ንሰባት ምዉቕ ልቢ ኣለዋ። ኣብ ዝተፈላለዩ ባህልታት እያ ዓብያ፣ ከምኡ እውን ንኻልኦት ምሕብሓብ ባህ ይብላ።

## “ንሓደ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ፍቕርን ምትእምማንን ምስ እትህቦ፣ ኣብ ገዛእ-ርእሱ ክተኣማመን ይጅምር። እዚ ድማ ናይ ናጽነት ስምዒት ይህቦ።”

**ኖውሻ [Nousha] ካብ ሚያዝያ 2025 ጀሚሩ ኣብ ዞባታት ኤልቡርኽ [Elburg]፣ ኣመርስፎርት [Amersfoort]፣ ኡትረኽት [Utrecht]፣ ኣኽተርሁክ [Achterhoek]፣ ከምኡ እውን ኣርንሄም [Arnhem] ከም ወሃቢት ተግባራዊ ምርሒት ኮይና ትሰርሕ ኣላ። ወሃቢ ተግባራዊ ምርሒት፣ ንሰራሕተኛ ምክልኻል ቆልዑትን መንእሰያትን ናይ OWG ዕማም ኣብ ምፍጻም ደገፍ ይህብ፣ ከምኡ እውን ምጽረያ ናይ ኣዕቆብቲ ወለዲ ይቆጻጸር። ወሃቢ ተግባራዊ ምርሒት፣ ጸገማት ኣብ ዝህልወሉ እዋን (ንሓደስቲ) ስድራ-ቤታት እውን ይሕግዝ። ወሃቢ ተግባራዊ ምርሒት ኣብ መንጎ ኣዕቆብቲ ወለዲን ኣብ ባይታ ዝፍጸም ተግባርን መላግቦ እዩ።**

ኖውሻ፣ እቶም ቆልዑትን መንእሰያትን እንታይ ከም ዘሕለፉን፣ እንታይ ከም ዘድልዮምን ትፈልጥ እያ። ንሳ ጓል 14 ዓመት እንከላ እያ ካብ ኢራን ናብ ኔዘርላንድ ሃዲማ። ስለዚ ድማ እያ ንቆልዑትን መንእሰያትን ኣዕቆብቲ ወለዲን ንክትሕግዝ እትደሊ። ኖውሻ ኣብ ኒዶስ ካብ እትሰርሕ ኣርባዕተ ዓመት ዝገበረት ኮይና፣ ኣብ መጀመርታ ሰራሕተኛ ምክልኻል ቆልዑትን መንእሰያትን እያ ነይራ።



ወሃቢት ተግባራዊ ምርሒት፣
ኖውሻ

## ሕጂ ቀጺሉ እንታይ ይኸውን?

ኣብ ዝመጽእ እዋን እውን ሓደ ዕላማ ሕመረት ኮይኑ ክቕጽል እዩ፡ ንሱ ድማ ምሳኻትኩም ብሓባር ብምኳን ንቆልዑትናን መንእሰያትናን ውሑስ፣ ርጉእን ተስፋ ዝመልኦን ሃዋህው ቀጻሊ ምርግጋጽ እዩ።

ኣብ ኒዶስ ብዛዕባ ዝፍጸም ምዕባለታት ጽቡቕ ሓበሬታ እናረኸብኩም ክትቕጽሉ ኣገዳሲ እዩ ኢልና ንኣምን። ስለዚ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ መልእኽቲ ዜና ክሰድድ ኢና። ኣብኡ ድማ ብዛዕባ ኣገደስቲ ምዕባለታት፣ ዝተረኽቡ ውጽኢታት፣ ሓደስቲ ተበግሶታትን፣ ከምኡ እውን ንኣዕቆብቲ ወለዲ ዝምልከቱ ዛዕባታትን ክንሕብረኩም ኢና። ብኸምዚ መንገዲ ንዓኻትኩም ክንሕብረኩም ጥራይ ዘይኮነስ፣ ነቲ ብሓባር ብምኳን ዕለታዊ ንቆልዑትናን መንእሰያትናን እነካይዶ ስራሕ ብዝምልከት ዝያዳ ርድኢት ክንህበኩም እውን ተስፋ ንገብር።

## ሕቶታት ኣለኩም ድዩ?

**ስለዚ ብመንገዲ OWGAdministratie@nidos.nl ምሳና ርክብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።**

### ሓደስቲ ኣዕቆብቲ ወለዲ ንምርካብ ክትሕግዙና ዲኹም?

SCAN ME!

### ሓደስቲ ኣዕቆብቲ ወለዲ ንደሊ ኣለና።

ኣዕቋቢ ወለዲ ምኳን እንታይ ማለት ምኳኑ ኣብ ቪድዮ ገሊጽናዮ ኣለና። ነቲ QR-ኮድ ስካን ግበርዎ፣ ወይ ድማ ናብ **www.nidosopvangouders.nl** ብምኻድ፣ ነዛ ቪድዮ ብቋንቋታት ኔዘርላንድ፣ እንግሊዝ፣ ኩርማንጂ፣ ዓረብ፣ ትግርኛ፣ ወይ ፋርሲ ርኣይዋ።

ነዛ ቪድዮ ናብ ኣዕሩኽትኹም፣ መሓዙትኩምን ቤተሰብኩምን እንተድኣ ኣመሓላሊፍኩምልና ድማ ንዓና ኣዝዩ ዓቢይ ሓገዝ እዩ።

ንእትገብሩልና ሓገዝ ኣዚና ነመስግን።